# ራእይ ዮሃንስ

| ራእይ 3፡7-13 | |
|---|---|
| ትምህርቲ፡ | ዘበን ክፉት ደገ |
| ኣተኩሮ፡ | ፊላደልፊያ፡ ትእምርቲ ዘበን 1750 1925 |

## 1. ከተማን ማሕበርን ፊላደልፊያ

ፊላደልፊያ ኣስታት 30 ማይልስ (48 ኪሜ) ብደቡባዊ ምብራቕ ናይ ከተማ ሳርዴስ ትርከብ። እቲ ካብ ሮማ ዝነቐለ ናይ ምዕራብን ምብራቕን፡ ንደቡብን ሰሜንን ድማ ዘራኽብ መናሃርን ናይ ንግድን ጽርግያ ብፊላደልፊያ ይሓልፍ ነይሩ። ከምቲ ንንግዲ ምችእቲ ከተማ ዝነበረት፡ ኣመንቲ ማሕበር ፊላደልፊያ ድማ ምችእቲ ንምስፋሕ ወንጌል ገይሮም ተቓሊሶም ተጠቒሞሙላ(ራእይ 3፡8)።

ንጉስ ኣታሉስ ካልኣይ (159-138 ቅልክ) መፍቀር ሓዉ ዚብሃል ሳጓ (ፊላደልፉስ ብግሪኽ) ተዋሂቡዎ ነይሩ። እዛ ከተማ እዚኣ ኒዮቂሳርያ፡ ፍላቭያ፡ ኖኮሮስ፡ ንእሽቶ ኣተንስ ተባሂላ በብዘበኑ ትስመ እኳ እንተ ነበረት፡ ፊላደልፊያ ዚብል ስማ ከቶ ከይሃሰሰ ንሓዋሩ ጸኒዑ ነይሩ። ከምኡ ድማ ማሕበር ፊላደልፊያ ከም ክርስትያናት ብኣጋፐ (ክርስቶሳዊ ፍቕሪ) ዝልለዩ ነይሮም። ስለዚ ድማ እዮም ሰሚሮም ወንጌል ተቓሊሶም ኣስፊሖም ዘበሰሩ፡ ስም ፊላደልፊያ ድማ ከይጠፍኤ ክሳዕ 1392 ዓም ዝጸንሐ። ማሕበር ፊላደልፊያ፡ ብምብሳር ወንጌልን ብኣጋፐን ዝልለዩ እዮም ነይሮም (ዮሃ 13፡34-35)። ከምኦም የማስለና ዘብሉ እዮም ነይሮም።

ማሕበር ፊላደልፊያ ምኣስ ከም እተተኽለት ብንጹር እተመዝገበ ታሪኽ እኳ እንተ ዘየሎ፡ በቲ ዘሎ ሓበሬታታት ብ 51 ድልክ ኣቢሉ፡ ማለት በቲ ካልኣይ መዋእል ወፍሪ ናይ ሚስዮናዊ ጽዓታት (49- 51 ድልክ) ምንባሩ ክንግምት ንኽእል። ዮሃንስ መጽሓፍ ራእይ ኪጽሕፍ ከሎ ህልውና ማሕበር ፊላደልፊያ ልዕሊ ኣርብዓ ዓመታት ኰይኑ ነይሩ።

## 2. ኣርባዕተ መለዮታት ናይ መንነት የሱስ ክርስቶስ ንማሕበር ንፊላደልፊያ (3፡7)

### 2.1 መንነት የሱስ ክርስቶስ ንማሕበር ፊላደልፊያ።

የሱስ ክርስቶስ ንማሕበር ፊላደልፊያ፡ (1) እቲ ቅዱስ፡ (2) እቲ ሓቀኛ፡ (3) እቲ መርሖ ዳዊት ዘለዎ፡ (4) እቲ ንሱ ምስ ከፈተ ሓደ እኳ ኽዓጹ ዘይከኣሎ፡ ንሱ ምስ ዓጸወ ኸኣ ሓደ እኳ ክኸፍት ዘይከኣሎ ኰይኑ ብምዝኽኻር ተኸሲቱሎም። እዚ ንማሕበር ፊላደልፊያ እንታይ ማለት እዩ? ስለምንታይከ በዚ መልክዕ እዚ ተኸሲቱ ሎም?

ቅዱስ ምኳኑ፡ መለኮትነቱን ፍጻሜነቱን ኣጽኒዮም ክሕዝዎ የዘኻኽሮም። ተራ ፍጡር ከም ዘይኰነ ርዱኣት እዮም ነይሮም። ካልኣይ፡ በቲ ሓቀኛ ዚብል ስሙ፡ ፍልጠቱ ጕደሎ ዘይብሉ ምሉእ፡ ኣበር ዘይብሉ ጽሩይ፡ ጊዝያዊ ዘይኰነ ዲማዊ ዘይስዓር ምኳኑ የዘኻኽሮም። ሳልሳይ መርሖ ዳዊት ዘለዎ እዩ። መርሖ መፍትሕ እዩ። ኣይሁድ፡ ዳዊት ዝንጉሱ መንግስቲ፡ ብእኡ ድማ ምሉእ ራህዋን መፍትሒ ናይ ኩሉ ጸገማቶምን ዝኾነ መንግስቲ ተተኺሉሎም ክርእዩ ቍሊሕ ዝብሉ ዝነበሩ ህዝቢ እዮም። እቲ ንመጀመርታ ጊዜ ካብ ኵሎም ጨኰንቶም ዘናገፎም፡ ዶባቶም ዘግፍሖን ዘጽንዖን፡ ብዜማ ንኣምላኽ ምውዳስ ዝመሃሮም ንጉስ ዳዊት እዩ (1011-970 ቅልክ)። ኣይሁድ ናይ ብሓቂ ናይ ንጉስ ዳዊት ዘበን፡ ከም ተዓጽዩ ጸኒሑ ዚኽፈት ማዕጾ፡ ክድገመሎም ሃንቀው ይብሉ ነይሮም። ኢሳ 22፡15-23 ግሃ 1፡6 ሃንቀውታ ትንቢት ናይ ምትካል መንግስቲ ኣምላኽ ንምሉእ ዓለም ድማ ብየሱስ ክርስቶስ

ክማላእ ምኳኑ ንማሕበር ፊላደልፊያ የዘኻኽሮም።

ራብዓይ፡ ንማሕበር ፊላደልፊያ፡ “ንሱ ምስ ከፈተ፡ ሓደ እኳ ዘይዓጹ፡ ንሱ ምስ ዓጸወ ኸኣ፡ ሓደ እኳ ዘይከፍት” ምኳኑ ከለልዩ ይነግሮም። ነቲ እተዘርኤ 30፡ 60፡ 100 ጊዜ ዘኻዕብቶ ኣምላኽ እዩ። ስለዚ ድማ እዮም ዘበን ፊላደልፊያ ብዙሕ ከስልጡ ዝኸኣሉ። ደጌታት ከፈቱሎም፡ መስለጥቲ ዝገብሮም ዓቕሚ ድማ ሂቡዎም።

ስለምንታይ እዩ ብእተሓበሩ ኣርባዕተ መለዮታት ከለልይዎ እተኸስተሎም? ምእንቲ ክርድኡ እቲ ሰሰንን ሃገሩን ኣብ ዕዮ ወንጌል ወሳኒኡ ንሱ ምኳኑ ተረዲኦምን ኣሚኖምን ምእንቲ ኸሰርሑ እዩ።

### 3. ኣርባዕተ ናእዳን መጐስን ንማሕበር ፊላደልፊያ (3፡8)

#### 3.1. እፈልጥ ኣሎኹ ይብሎም።

ብዛዕባኦም ሓንቲ ዝስወሮ ከም ዘየሎ፡ ብህርኹትናኦምን ኣሳልጠኦምን ኣብቲ ዕዮ ወንጌል፡ ከም እተን ለባማት ደናግል ወይስ ከም እቶም መበርከትቲ መክሊቶም መንፍዓቶም ኣስተብሂሉሎም “እፈልጥ ኣሎኹ” ይብሎም።

#### 3.2. ዓቕምኻ ሒደት እዩ ይብሎም።

ምውሓድ ዓቕሞም ወንጌል ከየስፍሑ ኢድ ከሕጽሩ ምኽንያት ኣይገበርዎን። ግዳስ ጊዜኦምን ትሕዝትኦምን ብእምነትን ብትብዓትን ሰዊኦም ንወንጌል ተዓጢቖም። ስለዚ ድማ እዮም ተበጆዮም ኣስሊጦምን ኣርህዮምን። ትኳቦ ዘይኮነስ መስዋእቲ ኣበርኪቶም። ስለዚ እቲ ዝዓመምዎን ዘስለጥዎን፡ ታሪኽ ዝምስክሮ እዩ።

#### 3.3. ንቓለይ ሓሊኻዮ ይብሎም።

ቃል ክርስቶስ ንኣታቶም፡ እቲ ትምህርቱ፡ ትእዛዛቱ፡ ተስፋታቱ፡ ጸጋታቱ፡ ናይ ተልእኾ ሕድርታቱ ... ወዘተ እዩ። ንኣና እዚታት ተጠርኒፉ መምርሒና ክኸውን መጽሓፍ ቅዱስ ኰይኑ ተዓቍሩልና ኣሎ (ዮሃ 17፡6-8)። ከም ፊላደልፊያ፡ ምፍላጥን ምሕላውን ቃሉ በረኸት ኣለዎ።

#### 3.4. ንስመይ ኣይክሓድካዮን ይብሎም።

ማሕበር ፊላደልፊያ፡ የሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምኳኑ ምእማን ገዲፎ እየ፡ ምስታፍ ምስ ክርስትያናት፡ ምዝርጋሕ ወንጌል ድማ ሓሪመዮ እየ ክብሎ ይፍተኑ ነይሮም እዮም። ግናኸ ምእመን ፊላደልፊያ ኣይከሓዱን። እምነቶም ብየሱስ ክርስቶስ ኣጽኒዖም ሒዞምዎ። የሱስ ክርስቶስ ድማ ባህ ኢሉዎ። ከምዚ ምግባር ድማ ስደትን ሰማእትነት እዩ ዘኸትል ነይሩ።

### 4. ብድሆ ንማሕበር ፊላደልፊያ

ማሕበር ፊላደልፊያ ትእምርቲ ናይ ንየሱስ ክርስቶስን ንወንጌሉን እሙን ምኳን እዮም። እዚ ድማ ዕጡቓት፡ ዘይኩርሙያት፡ ምኳን ይሓትት። ስለዚ ድማ እዩ የሱስ ክርስቶስ ንእሙናት ፊላደልፊያ “እንሆ ሓደ እኳ ኺዓጽዎ ዘይኽእል ክፉት ደገ ሂበካ ኣሎኹ” ኢሉ ዝብድሆም።

“ሓደ እኳ ኺዓጽዎ ዘይኽእል ክፉት ደገ” ተባሂሉ ዘሎ? ንፊላደልፊያ እተዋህበ ብድሆ የሱስ ክርስቶስሲ እንታይ እዩ? መንከ እዩ ነዚ ደገ እዚ ዚኸፍቶ? ነዚ ደገ እዚ ዚኸፍቶ የሱስ ክርስቶስ እዩ። ተቓወምቲ ድማ ንየሱስ ክርስቶስን ንምግስጋስ ወንጌሉን ክዓግትዎ ዓቕሚ የብሎምን (ሮሜ 8፡31-39 ማቴ 28፡18-20)።

ክፉት ደገ ተባሂሉ ዘሎ፡ ዓወታት እተመዝግበሉ ዕድላት ናይ ወንጌል እዩ። ኣብ ግብሪ ሃዋርያት፡ ኣብ መልእኽትታት ሓዲስ ኪዳን፡ ኣብ ዛንታታት ናይ ሚስዮን ድማ ብግብሪ ክፍጸም ከሎ ንርእዮ። እዚ ዕድል እዚ ኣብቶም ፊላደልፊያዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ክርስትያናትን ማሕበራትን ክሳዕ ምምላስ የሱስ ክርስቶስ ተማሊኡ ኪፍጸም እዩ። በዚ ዘበንና፡ ፊላደልፍያዊ ጽውዓና ዘለልዩን ዘምልኡን ይግበረና (ግብ 1፡6-8)።

## 5. ምክልኻልን ዲልን ንማሕበር ፊላደልፊያ (9-10)

### 5.1. ሽግር ፊላደልፊያ።

ምእመናን ፊላደልፊያ ንምብሳር ወንጌል ዕጡቓትን እሙናትን ስለ ዝነበሩ፡ ተጻባእነት ኣበርቲዑ መጺእዎም። ካብ መን? የሱስ ክርስቶስ መንነት ተጻባእቶም ከብርሆ ከሎ፡ ኣይሁድ ኢና ዚብሉ ማሕበር ሰይጣን፡ ሓሰውቲ ድማ እዮም ይብል። ከምዚ ገይሮም ኣትኪሎም ንወንጌል የሱስ ክርስቶስ ኼጥፍእዎ ዝተጋደሉ ቀዳሞት ኣይሁድ እዮም። ይፈለጦም ወይስ ኣይፈለጦም እዚኣቶም መሳርሒ ናይ ድያብሎስ እዮም ነይሮም። ብካህናቶምን መንግስቶምን ተመሪሖም፡ ንየሱስ ክርስቶስ ዝሰቐልዎ ኣይሁድ እዮም። ጳውሎስ ብኣይሁድ ዝሕለፎ መሪር ተመክሮታት ኣብ 1ይ ተሰ 215-16 ዘተምብሆ ንመልከቶ። ሕጂ እውን ንወንጌል እንዕጠቕ ዘበልና ዲያብሎሳዊ ተጻባእነት በብኹርናዓቱ ከም ዝመጽእ ትሑዝ ንግበር። ብግቡእን ብጺጋን ድማ ንተዓጠቐሉ። ከም ፊላደልፊያ፡ ዓወት ናትና እዩ።

### 5.2. ዲል ማሕበር ፊላደልፊያ።

ማሕበር ፊላደልፊያ ብዛዕባ ኣብ ልዕሊ እቶም ተቐናቐንቶም ኣይሁድ ዝጭብጥዎ ክልተ ዲላት፡ ኣብ 3፡9 ከምዚ ይብል፡

> “እንሆ፡ ካብቶም፡ ኣይሁድ ኢና ዚብሉ፡ ማሕበር ሰይጣን፡ ግናኸ ይሕስዉ ኣለዉ እምበር፡ ኣይሁድሲ ዘይኰኑ፡ እህበካ ኣሎኹ። ንሳቶም ከም ዚመጹን ኣብ ቅድሚ እግርኻ ኸም ዚሰግዱን፡ ኣነ ከም ዘፍቀርኩኻውን ከም ዚፈልጡን ክገብሮም እየ” ይብል።

ምስጢር ናይቲ ቀዳማይ ዲል ናይታ ቤተ-ክርስትያን ኣብቲ ገድሊ ናይ 70 ዓመታት ኰይኑ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ተጻሒፉ ዘሎ፡ ኣብቲ ታሪኽ ምስፋሕ ወንጌል 1750 - 1925 ዝነበረ ዘበን፡ ተፈጺሙ። ሕጂ እውን እንተኾነ ጌና እናተፈጸመ ይቕጽል ኣሎ። ዝዓጠቑ ኣይሁድን፡ መንግስቲ ሮማን፡ ህዝብታትን ምስቲ ብዝሖምን ሓይሎምን ንወንጌል የሱስ ክርስቶስ ኣብቲ ቀዳማይ መዋእል ክዓግትዎ ከም ዘይከኣሉ ታሪኽ ደጋጊሙ የረጋግጾ ኣሎ። እንተ ዘይተቐበልዎ እኳ ክዓግትዎ ከም ዘይከኣሉ ከይፈተዉ ይእመንዎ ኣለዉ (ግብ 5፡27-28 33-42 ማቴ 16፡18)

እቲ ካልኣይ ዲል ማሕበር ፊላደልፊያ ዝጨብጥዎ ምእማን ናይ ተዓዘብቲ ጸላእቶም እዩ። “ኣነ ከም ዘፍቀርኩኻውን ከም ዚፈልጡ ኽገብሮም እየ” ይብል። ከምቲ ፈርኦንን ህዝቡን ምሕረት እግዚኣብሄር ኣብ እስራኤል፡ መዓቱ ድማ ኣብ ግብጻውያን ምስ ወረደ፡ ከምቲ ብዘበን ሃዋርያት ድማ ዝኾነ ከይፈተዉ መለኮታዊ ሓይሊ እተኣመንዎ እዩ (ግሃ 4፡16)። ዓወት ናይ ቤተ-ክርስትያን መንፈሳውን ሞራላውን ድኣ እምበር ሚሊታራዊ ዲል ኣይኰነን።

### 5.3. ሳልሳይ ዲል ማሕበር ፊላደልፊያ- ሓለዋ የሱስ ክርስቶስ (3፡10)።

ሀ. “ንቓላት ትዕግስተይ ስለ ዝሓሎኻዮ፡ ኣነ ድማ ክሕልወካ እየ“ ይብሎም። ማሕበር ፊላደልፊያ፡ ክርስቶስ ብቓልን ብኣርኣያን ዝመሃሮም ትዕግስቲ ተኸቲሎምዎ (ሉቃ 21፡19 እብ 10፡38 12፡3 2ይ ተሰ 3፡5 ተመልከት) ስለዚ ሓለዋ፡ ዝግብኣኩም ጻማኹም እዩ ይብሎም። ሓለዋ ካብ እንታይ? “ካብታ ነቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩ ኽትፍትኖም ናብ ኵላ ዓለም እትመጽእ ሰዓት ፈተና።”

ለ. ፍልይቲ ሓለዋ፡ ካብታ መራር ናይ ትንቢት ፈተና፡-

- ለ.1. ኣብ ኵላ ዓለም እትመጽእ ፈተና፡
- ለ.2. ኣብ ምድሪ ዚነብሩ ክትፍትኖም እትመጽእ ፈተና፡
- ለ.3. ኣመንቲ፡ ካብኣ ብየሱስ ክርስቶስ ዝሕለዉላ ፈተና፡ መራር፡ ዓለምለኸ፡ ዘተኰረት፡ ኣመንቲ ዝሕለዉላ ናይ ትንቢት ሓበሬታ ዘለዋ እያ።

ኣብ ቀጻሊ ብሰፊሕ ክንዛረበላ ዋና ነጥብታት ባህርያታ ተመልኪትና ንሕለፋ።

## 6. ምሕጽንታ ንማሕበር ፊላደልፊያ (3፡11)

6. ምሕጽንታ ንማሕበር ፊላደልፊያ (3፡11)

ንምእመን ፊላደልፊያ ሰለስተ ጥምሮ ዝሓዘ ምሕ ጽንታታት ይህቦም።

6.1. እመጽእ ኣሎኹ። እዚ ነቲ ኣማኒ ተስፋ ዳግማይ ምጽኣቱ ድኣ እምበር ናይ ምፍርራህ ኣይኰነን። ከይቀሃመ ዘወትር ከነሳውሮ ዘሎና ተሪፉ ዘሎ ዝዓበየ ትንቢት፡ ቍጽሪ ሓደ ኣርእስቲ ናይ እንምሃሮ ዘሎና ራእይ ዮሃንስ ድማ እዩ።

6.2. ቀልጢፈ። እቲ ዓመቱን ወርሓቱን ሰዓቱን እኳ ስዉር እንተ ኾነ፡ ምኣስ ከም ዚምለስ ናይ ምቕራቡ ምልክታት ተሓቢሩ ኣሎ። ግናኸ እቲ ምምጻኡ ምስ ተኣወጀ፡ ምፍጻሙ ከቶ ኣይኪጓተትን፡ መኻልፋት ኣይከባኸሮን፡ ከምቲ ሰሌዳ መደባቱ ክግስግስ እዩ። ነዚ እዩ ቀልጢፈ እመጽእ ኣሎኹ ኢሉ ዘመልክቶ።

6.3. ሳልሰይቲ፡ ክልተ ዝኽፍሉ ምሕጽንታ፡ ነቲ ኣማኒ ብዛዕባ ምምላስ የሱስ ክርስቶስ ዘለዎ ግደ እዩ። ንነፍስ ወከፍ ወዲ ማሕበር ፊላደልፊያ፡ "ሓደ እኳ ኣኽሊልካ ኸይዝርፈካ" ይብሎም። ኣኽሊል ናይ ተቓሊስካስ ኣብቲ ዝብጻሕ ዓወት ከም ዝበጻሕካ ምልክት እዩ። ክርስትያናዊ ህይወት ምንባር፡ ኣካል ምእመናን ክርስቶስ ምኻን፡ ንወንጌል ክርስቶስ ምዕጣቕ ቃልሲ ዝሓትት ሰልፊ እዩ። ማሕበር ፊላደልፊያ ድማ ከቲቶምሲ ተዓዊቶም። ግናኸ ጌና ውግኦም ስለ ዘይተዛመመ፡ ከምቲ ዲያብሎስ ንሂዋን ዘዳህለላ፡ ከይድህለሉ የጠንቅቖም።

ኣይትዘርፍ ማለት እቲ ክርስትያን ኣብቲ ህይወቱ፡ ኣብ ህይወት ማሕበሩ፡ ኣብ ወፍሪ ወንጌል ተዓጢቑ ክከላኸለሉ ዘለዎ ጕዳያት ይሕብር። በቲ ሓደ ወገን ድማ ናይ እወንታዊ ቃልስታት፡ ናይ ምኽሰኳስ፡ ናይ ምፍራይ፡ ናይ "ነቲ ዘሎካ ኣጽኒዕካ ምሓዝ" ቃልስታት ከካይድ ሓላፍነት ኣለዎ። ፊላደልፊያ ድማ ኣማሊኣምዎ።

## 7. ተስፋታት የሱስ ክርስቶስ ንማህበርን ንምእመንን ፍላደልፊያ (3፡12-13)

7.1. እቲ ተስፋታት ምጽኣቱስ ንመን እዩ? "ነቲ ዚስዕር" ኢሉ ሓበሬታ ይህበና። ዘበን ማሕበር ፊላደልፊያ ዝኸተተ ወዲ ማሕበር፡ ተቓሊሱ ዝዕወት ድኣ እምበር፡ ጃል ኣባል ምኻን ስለ ዘይፈቅድ ናይ ክርስቶስ ብጸጋ ተጋደልቲ ክንከውን ፊላደልፊያ ኣርኣያና እዮም።

7.2. ሽመታት ነቲ ዚስዕር ፊላደልፊያዊ ምእመንን ማሕበርን።

ሀ. "ኣብታ መቕደስ ኣምላኸይ ዓንዲ ኽገብሮ እየ።" ከተማ ፊላደልፊያ ጸጸኒሑ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዘጥቅዓ ከተማ እያ ነይራ። እቲ ጸኒዑ ኣብ ቦታኡ ዝጸንሕ ዝነበረ ድማ እቲ ሓወልትታት እዩ ነይሩ። ብተምሳል ድማ የሱስ ክርስቶስ ነቶም ዚስዕሩ ሰዓብቱ ኣብቲ መጻኢ መንግስቱ እተረጋገጸ ቦታ ከም ዘለዎም፡ ግርማ መንግስቱ ከም ዝኾኑን የረጋግጸሎም (1ይ ቈረ 3፡16-17 6፡19 1ይ ጴጥ 2፡5)።

ለ. እቲ ካልኣይ ተምሳል ካብ ባህሊ ከተማ ፊላደልፊያ ተዋሂቡና ዘሎ፡ ብዙሕ ክፍልታት ሒዙ ኣሎ። ብዛዕባ እቲ ዚስዕር ኣማኒ፡ የሱስ ክርስቶስ ይብለና።

ለ.1. ካብታ መቕደስ ኣምላኽ ከቶ ኣይወጽእን (ኣይስጎጕን) እዩ።

እቶም ኣመንቲ የሱስ ክርስቶስ ኣብቲ ኣምልኮ ጣኦታትን፡ ቄሳራትን ምክፋል ስለ ዝኣበዩ፡ ብዙሕ ናይ ደቀባት መሰሎም ተገፊፎም ነበሩ። ነዚኣቶም፡ የሱስ ክርስቶስ ዘይት ግፈፉሉ፡ ዘይትስጐጐሉ፡ እትኽብርሉ፡ መንግስቲ ኣዳልየልኩም ኣሎኹ ኢሉ የጸናንዖም።

ለ.2. ስም ኣምላኸይ ክጽሕፈሉ እየ።

ለ.3. ስም ከተማ ኣምላኸይ ክጽሕፈሉ እየ። ንሳ ድማ ካብ ኣምላኽ ካብ

ሰማይ እትወርድ ሓዳስ የሩሳሌም እያ።

ለ.4. ሓድሽ ስም ናይ የሱስ ክርስቶስ ክጽሕፈሉ እየ።

እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ ኢሉ ድማ ብብድሆ ይድምድሞ።

## 8. ታሪኻዊ ትዕዝብቲ

ዘበን ፊላድልፊያ፡ ምስፋሕ ወንጌል ዝዓመረሉ በቲ ሻድሻይ ዘበን ናይ ዛንታ ቤተ-ክርስትያን እዩ። በቶም ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዘበናት፡ ካብ ምትካል ቤተ ክርስትያን ክሳዕ መጀመርታ ዘበን ፊላደልፊያ ብ1755 ድ.ል.ክ. ተጻባእቲ ሓይልታት፡ ደጌታት ናይ ሲኦል ኢሉ የሱስ ክርስቶስ ዝሰምዮም፡ ንወንጌል ከጥፍዎ ኣይከኣሉን። ዘበን ፊላደልፊያ ድማ ምስክር እዩ። ዘበን ሚስዮናዊ ሰልፍታት እዩ።

ዘበን ፊላደልፊያ ድሕሪ ዘበን ሳርዴስ ምምጽኡስ እንታይ የተሓሳስበና? ዘበን ፊላደልፊያ ሚስዮናውያን ዓለም ምሉእ፡ ኤውሮጳ፡ ኣፍሪቃ፡ እስያ፡ ህንዲ፡ ደሴታት፡ ኣመሪካ ብወንጌል ዝበጽሕሉ እዩ።

ዓቕሞም ንእሽቶ ምኳኑ እቲ ብድሆ ምብሳር ወንጌል ንዓለም ድማ ልዕሊ ዓቕሞም ምኳኑ ተስፋ ኣየቑረጾምን። ኣሚኖም ወፊሮም። ተሳትፎታትን መስዋእትታትን ዓወታትን ብዓቢ ተራእዩ። ዘበን ምንቕቓሓት፡ ዘበን ምሕታምን ምዝርጋሕን መጽሓፍ ቅዱስ፡ ዘበን ምኽፋት ቤት ትምህርትታትን ዩኒቨርስቲታትን ሆስፒታላትን መዕበያ ዘኽታማትን ብስመ-ወንጌል የሱስ ክርስቶስ ኣዝዩ ዝዓመረሉ መዋእል እዩ ነይሩ (ግብ 14፡27 2ይ ቈረ 2፡12-13 1ይ ቈረ 16፡9 ተመልከቱ)

ይቕጽል..................